ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ማይጨው ን 2017 ዓም ንቤት ፅሕፈታት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ናይ ዕሕፈት መሳርሒን ፅሬትን ኣቁሑ፣ ናይ መኪና ስፔርን ጎማን ብግልፅ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ ሕጋውያን ነጋዶ ዝኮንኩም ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥቅምቲ 12, 2017 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 27, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላላ አዩ
- ቦታ:ማይጨዉ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 27, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ማይጨው ን 2017 ዓም ንቤት ፅሕፈታት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ናይ ዕሕፈት መሳርሒን ፅሬትን ኣቁሑ፣ ናይ መኪና ስፔርን ጎማን ብግልፅ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ ሕጋውያን ነጋዶ ዝኮንኩም ንክትወዳደሩ ንዕድም።

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግብኡ መዐቀኒታት

1. በቲ ዘፈር ንግዲ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲን መቅረባይ ካርድን፣ቲን ናምበርን ከቕርብ ዝኽእል።

2. ኣብ ፅሕፈት መሳርሒ እትጫረቲ ሕፁያት ተወዳደርቲ ጥራሕ ቫት ተመዝገብቲ ዝኮንኩምን ናይ ቫት ተመዘጋባይ

ሰርቲፊኬት፣ ናይ ዝሓለፈ ስለስተ ወርሒ ሓደ ወርሒ ሒሳብ ሪፖርት ከተቕርቡ እትክእሉን ።

3. መጠን መኽበሪ ጨረታ ብር

ተ.ቁ	ዓይነት ኣቁሕት	መጠን ገንዘብ
1	ናይ ፅሕፈት መሳርሒ	20000.00
2	ናይ ፅሬት ኣቁሑ	5000.00
3	ናይ መካይን ስፔርን ጎማን	5000.00

ብCPO ፣ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ከትሕዝ ዝኽእል።

4. ናይ ጨረታ ሰነድ ዋጋ ዘይምለስ ብር 200.00 ብምኽፋል ካብ ዕለት 12/02/2017 ዓ/ም ምልከታ ካብ ዝወፀኣሎ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ አብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ ከተማ ማይጨው ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋን፡ ምምሕዳር ንብረትን ብምውሳድ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ዝተዉሃቦም ሰነድ : ኦርጅናል ን ዋጋ ዝምለኦሉ ኮፒን ከእትዉ ኣለዎም።

5. እቲ ጨረታ ሳንዱቕ ዕለት 27/02/2017 ዓ/ም ልክዕ ሳዓት 4:00 ተዓፅዩ ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ከተማ ማይጨው ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ይኽፈት።

6. ተጫረቲ ብዘይ ምርካቦም ከይተከፈተ ዝምለስ ፖስታ ኣይህሉን ፣፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7. ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኽቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ። 8.ጨረታ ዋጋ ፀንዑ ዝፀንሐሉ ግዜ 40 ማዕልቲ ይኸውን።

9. ቤት ፅሕፈትና 20 % ናይ ምዉሳክ ወይ ናይ ምቅናስ መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

10. ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት ናብ ከተማ ማይጨው ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ስቶር ከምፅእ ዝኽእል።

11. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03477701234 ምሕታት ይካአል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle